# መርድእ ዜና

## ካብ 550 ክሳብ 600 ሽሕ ዝግመት ሕዝቢ ኤርትራ ንትግራይ ግዒዙ፡፡

## ኢሳያስ ኣፈወርቂ 2 ቦጦሎኒታት ዝኣኽሉ ሰለይቲ ኣስሊኹ ናብ ትግራይ ኣዋፊሩ፡፡

በዚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተፈጢሩ ዝርከብ ሓዲሽ ናይ ሰላም ስምምዕን ናይ ዶብ ነጻ ምንቅስቓሳትን ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ሰሙናት ጥራይ፡ ካብ ሓሙሽተ ሚኢትን ሓሙሳን ክሳብ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሽሕ ዝግመት ህዝቢ ኤርትራ ናብ ትግራይ ግዒዙ፡፡

እዚ ዶብ ናይ ምስጋር ዕድል ተጠቒሙ ናብ ትግራይ ዝፈለሰ ህዝቢ፡ ኣብ ፈቖዶ ሆተላትን ጽርግያን ገበላታትን እናሓደረ፡ ኣደዳ ስእነትን ብልሹው ጠባያትን ምንዝርናን መስተን ዕጸ ፋርስን ኮይኑ ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ ንህዝቢ ትግራይ ፡ ዓቢይ ሽኽምን ኣደራዕን ወሪድዎ ኣሎ፡፡ ህዝቢ ትግራይን መንግስቲ ትግራይን ግን ዋላኳ ጭውነትን፡ ሰብኣዊ ርሕራሔን፡ ውሕልነትን፡ ሕውነታዊ ሓልዮትን፡ ብዝመልአ ኣገባብ ነቲ ጸገም ከቃልልዎ ይጽዕሩ እንተለው፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ግን ካብ ዓቕሞም ወጻኢ ከይኮኖም ኣይተርፍን ዝብል ፍርሒ ኣሎ፡፡

እዚ ናብ ትግራይ ዝግዕዝ ዘሎ ህዝቢ፡ ብሰንኪ ጸይቀ ዕሉልን፡ ምልሙል ሰላይ ናይ ሞሳድን ዝኾነ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ሃገር ኢርትራ ንቡር ህይወት ከተሕልፈላን ክትነብራን ዘይትኽእል ገሃነም ኮይናቶ ፡ ዶብ ምስተኸፍተሉ፡ አግሩ ናብ ዝመርሖ ፡ ሃጽ ኢሉ ዝወጸ እዩ።

## ኢሳያስ ኣፈወርቂ 2 ቦጦሎኒታት ዝኣኽሉ ሰለይቲ ኣስሊኹ ናብ ትግራይ ኣዋፊሩ፡፡

ካብ ኤርትራ ዝመጸና ህጹጽ ሓበረታ ከምዝሕብሮ፡ ጸይቀ ዕሉልን፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነዚ ናይ ዶብ ምኽፋት ዕድል ብምጥቃም ፡ ካብ ዝተፈላለያ ክፍለሰራዊትን ሲቪል ሰራሕተኛትን ዝተዋጽኡ፡ ክልተ ቦጦሎኒታት ዝኣኽሉ ናይ ወተሃደራውን ጸጥታውን ጉዳያት ሰለይቲ፡ ምስዚ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣቱ ህዝቢተሓዋዊሶም ናብ ትግራይ ኣስሊኹ ኣእትይዎም ኣሎ።

እዞም ናብ ትግራይ ምስ ሰላማዊ ህዝቢ ተጸፍዮም ናብ ትግራይ ፋሕ ኢሎም ተላኢኾም ዝርከቡ ሰለይቲ፡ ዳርጋ ኩሎም ፡ ኢትዮጵያዊ (ትግራይ) ፡ ገለ ድማ ኣምሓራ መበቆል ዘለዎም ኤርትራውያን ኮይኖም ፡ „እዝማድና ክንበጽሕ እናበሉ ዝመላለሱ ወይ ኮፍ ዝበሉን ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ አርትራ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ካልኦ ሚኒስትሪታትን ናብ ስለያ ተዋፊሮም ዝሰርሑ እዮም።

እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ናይዞም ጽፉያት ሰለይቲ፡ ጸይቀ ዕሉል እሳያስ ፡ ምስ ዶክተር ኣቢይ ተሓባቢሩ ፡ንመራሕቲ ህወሓት ንምጭዋይን ንምድምሳስን ዝዓለመ ከይኮነ ኣይተርፍን ተባሂሉ ይግመት፡፡

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ፡ ንኩሎም እቶም ናብ ትግራይ ግዒዞም ዝርከቡ ህዝቢ አርትራ ንህቦ መተሓሳሰቢ፡ ኣብ ሃገረ አርትራ እንከለኹም እትጥርጥርዎምን ን እተለልዩዎምን ሰለይቲ ምስ ትረኽቡ ናብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ትግራይ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ክትትሓባበሩ ኣጥቢቕና ንላቦ፡፡